ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክስዮን ማሕበር ኣብ ዓዲሓ ዓይደር ክ/ከተማ መቐለ G+4(LOT2) ናይ ሳኒተሪ ሰራሕቲ ክነስርሕ ሰለዝደለና ፍቓድ ዘለኩም ተጫረቲ ክትሳተፉ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሚያዝያ 13, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 16, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:400
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 17, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ጠቅላላ ስራሕቲ ኣገልግሎት/ ናይ ንፅህናን ፅሬትን ኣገልግሎት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክስዮን ማሕበር ኣብ ትግራይ ዘሎ ናይ መንበሪ ገዛን መስርሒ ቦታን ፀገማት ንምፍታሕን ነቲ ትሑት ኣታዊ ዘለዎ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ ማእኸል ገይራ ኣብ ምንቅስቓስ እትርከብ ትካል እያ።በዚ መሰረት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክሲዮን ማሕበር፤ ኣብ ዓዲሓ ዓይደር ክ/ከተማ መቐለ G+4(LOT2) ናይ ሳኒተሪ ሰራሕቲ ክነስርሕ ሰለዝደለና ፍቓድ ዘለኩም ተጫረቲ ነዞም ዝስዕቡ ረቕሓታት ተማልኡ ተጫረቲ ክትሳተፉ ንዕድም።

1. ናይ 2017ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ፣ናይ ግብሪ ኽፋሊ መፍለይ ቲን፣ናይ ምዝገባምስክር ወረቐት ፣ናይ ኮንስትራክሽን ምዝገባ ፍቓድ፣ናይ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ከቕርብ ዝኽእል።

2. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ (CPO፣Bank gurrantie or cash) /10,000/ዓሰርተሽሕ ብር) ከቕርብ ይግባእ።

3. ተጫረቲ ናይ ብቕዓት መረጋገፂ ደረጃ ሸሞንተን ልዕሊዉን ዘለኩም ኣብ ተመሳሳሊ ሰራሕቲ ክልተ ፕሮጀክትን ልዕሊኡን ዝሰርሑ

4. እቲ ሰራሕ ኣብ ኣርባዓን ሓሙሽተን መዓልቲ ሰሪሑ ክውድ

5. ናይቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝተሓተ ዋጋ ዘእተወ ይኽውን።

6. ድሌት ዘለኩም ተጫረቲ ዘይምለስ ብር 400(ኣርባዕተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ቀበሌ 16 ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝወሰድ መንገዲ ኣቢሲንያ ባንክ ኣብ ዝርከበሉ መንገዲ 3ይ ደብሪ ቑፅሪ ብምኽራብ ካብ ዕለት 11/08/2017 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ስዓት ምውሳድ ይካኣል።

7. ተጫረቲ ሐደ ኦርጂናልን ሐደ ኮፒን ፋይናንሻልን ሲፒኦን ዶክመንት ኣብዝተፈላለየ ፖሰታ ብሸምዒብምእሻግ ኣብ ሓደ ዓብይ ፓሰታ ኣሺጎም ብምኽራብ ሙሉእ ኣደራሻ ናይ ድርጅቶም ማህተም ብንፁር ብምግላፅ እቶም ኣብ ቑፅሪ 2 ዝተዘርዘሩ ምስክር ወረቐት ኦርጂናል ዶክመንት ኣብ እዋን ጨረታ ምኽፋት ሒዞም ክመፁ ኣለዎም።

8. ተጫረቲ ዝተማለእ ሰነድ ብምኽራብ ኣብ ቀበሌ 16 ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝወሰድ መንገዲ ኣቢሲንያ ባንክ ኣብ ዝርከበሉ መንገዲ 3ይ ደብሪ ቑፅሪ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ካብ ዕለት 13/08/2017 ክሳብ ሰዓት ዕለት 16/08/2017 ካብ ሰዓት 2:30 ንጉሆ ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ስዓት ምእታው ይኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. እቲ ጨራታ ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸበሉ ዕለት16/08/2017 ድሕሪ ሰዓት 8:30 ተዓሺጉ ሰዓት 9:00 ድሕሪ ሰዓት ይኽፈት።

10. ተጫረቲተወሳኺ ሓበሬታ እንተደልዮም ብቐፅሪ ሰልኪ +251938000111, +251938000222 ምድዋል ይካኣል።

11. ትካልና ዝሓሸ መማረፂ ተረኺቡ ጨራታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle